# መሰል ጥዕናን ድሕነትን ንሰራሕተኛታት ማኒቶባ ኣብ ቦታ ስራሕ

## ሕጊ ጥዕናን ድሕነትን

ኣብ ማኒቶባ መሰላት ጥዕናን ድሕነትን: ብቕዋም ጥዕናን ድሕነትን ናይ ስራሕ ቦታን ብሕጊ ሸቕለት ካናዳን ዝተዋሕሱ እዮም። እዚ ጭብጢ ጽሑፍዚ ነቶም መሰላት ሰራሕተኛታት; ብቕዋም ድሕነትን ጥዕናን ቦታ ስራሕ ማኒቶባ ከምዝትሓለወ ይዝርዝር።

መብዝሕትኦም ሰራሕተኛታት ብናይ ኣውራጃ ቕዋም ቦታ ስራሕ ዝተሓለዉ እዮም። እቶም ብፈደራላዊ ህዝባዊ ኣገልግሎት: ፈድራላዊ ዘውዳዊ ኩባንያታት: ወይ ባንክታት: መጐዓዝያታት: መራኸቢታት: ኣፍረይቲ እኽሊ ሕርሻን ዝተቖጸሩ ሰራሕተኛታት: ብሕጊ ሸቕለት ናይ ካናዳ ሕሉዋት እዮም።

እቶም ብሕጊ ሸቕለት ናይ ካናዳ ዘውሃቡ መሰላት ጥዕናን ድሕነትን ተመሳሰልቲ ክነሶም: ልክዕ ሓደ ዓይነት ግና ኣይኰኑን። ብሕጊ ሸቕለት ካናዳ ዝተሓለዉ ሰራሕተኛታት: ብዛዕባ ናይ ጥዕናኦምን ድሕነቶምን መሰላት ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ: ምስ The Labour program of Employment & Social Development Canada (መደብ ሸቕለት ናይ ዕዮን ማሕበራዊ ምዕባለን ካናዳ) ወይ ምስ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበሮም ይራኸቡ።

## ናይ ሰራሕተኛታት መሰላት ጥዕናን ድሕነትን

### መሰል ንምፍላጥ

ሰራሕተኛታት: ብዛዕባ እቶም ኣብ ስራሖም ዘለዉ ሓደጋ ዘስዕቡ ነገራት ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለዎም። ኣስራሕቲ ንሰራሕተኛታት ብዛዕባ ኣብ ስራሖም ዘለዉ ሓደገኛታት ነገራት ኲሎምን ኣብ ከባቢ እዞም ሓደገኛታት ከመይ ጌሮም ብደሓን ይሰርሑን: ክሕብርዎምን ክስልጥንዎምን ብሕጊ ይግደዱ።

ከምኡውን ሰራሕተኛታት ብናይ ቦታ ስራሕ ሓደገኛታት ነገራት መስርሒ ሓበሬታ (WHMIS) ዝተሓለው እዮም። WHMIS (ዊህሚስ) : ንኣስራሕቲ ከገብርዎ ዝደልዮም:-

- ንመትሓዚታት ናይ ሓደገኛ ነገራት ምልክት ከገብሩሎም
- ናይ ንዋት ድሕነት ጽሑፋዊ መግለጺ (MSDS) ብዛዕባ እቲ ሓደገኛ ነገር ምስናይ ሓብሬታኡ ክህቡ
- ንሰራሕተኛታት ብዛዕባ እቲ ሓደገኛ ነገርን፣ ከመይ ጌሮም ብጥንቃቐ ከምዝሰርሕሉን ሓበሬታ ክህቡ

እቲ ናይ ንዋት ውሕስነት ጽሑፋዊ መግለጺ ብሰናዒ ፍርያት እዩ ዝጸሓፍ። እዚ: ዝርዝር ናይቲ ሓደገኛ ነገር መቐውማት: ካብ ምሒር ምቅላዕ ዝመጹ ሳዕቤናት ጥዕና: ከምኡውን ሰራሕተኛታት ከመይ ጌሮም ንርእሶም ከምዝከላኸሉ ዘርኢ ሒደት ሓበሬታ ዘጠቓልል እዩ። እቲ MSDS ብሰናዒ ወይ ብዓዳሊ ክወሃብን ንሰራሕተኛታት ኣብ ቦታ ስራሖም ክቐረበሎምን ኣለዎ።

### መሰል ንምስታፍ

ሰራሕተኛታት ኣብ ቦታ ስራሖም ኣብ ናይ ጥዕናን ድሕነትን ዝምልከቱ ጉዳያት ንኽሳተፉ መሰል ኣለዎም። ሰራሕተኛታት ናብ ኮሚቴ ጥዕናን ድሕነትን ናይ ስራሖም ወይ ድማ ናብ ወኪል ድሕነትን ጥዕናን ናይ ቦታ ስራሖም ሸቓሎቶም ክቐርቡ ይኽእሉ።

መሰላት ጥዕናን ድሕነትን ሰራሕተኛታት




ኣብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ዝተጠርነፉን ዘይተጠርነፉን ሰራሕተኛታት ኲሎም ብሕግታት ጥዕናን ድሕነትን ዝተሓለዉ እዮም።

### ኮሚቴታት ጥዕናን ድሕነትን

20 ወይ ዝያዳ ሰራሕተኛታት ዝቖጽሩ ትካላት ናይ ሓባር (ኣሰራሒን ሰራሕተኛን) ኮሚቴ ጥዕናን ድሕነትን ክቖሙ ኣለዎም። እንተ ወሓደ ፍርቂ ናይታ ኮሚቴ: ሰራሕተኛታት ክኾኑ ኣለዎም።

### ተሳትፎ ኣብ ኮሚቴ

ሰራሕተኛታት: ኣብታ ኮሚቴ መን ክውክሎም ከም ዘለዎ ክውስኑ መሰል ኣለዎም። እዞም ናይ ሰራሕተኛታት ወከልቲ ወይ ብሰራሕተኛታት ክምረጹ ይኽእሉ ወይ ከኣ ብማሕበር ሰራሕተኛታት ይምዘዙ። ስማት ናይቶም ኣባላት ኮሚቴ ኣብቲ ቦታ ስራሕ ጒሊሑ ከም ዝርአ ኰይኑ ክልጠፍ ይግባእ።

### ዕዮትታ ናይ ኮሚቴ

ናይ ሓባር ኮሚቴታት ጥዕናን ድሕነትን ኣብ ሰሰለስተ ኣዋርሕ እንተወሓደ ሓንሳእ ክእከቡ ኣለዎም። ኮሚቴታት ጥዕናን ድሕነትን: ናይ ስራሕ ቦታ መርመራታት የካይዱ: ሓደጋታት ይምርምሩ: ኣብ መርመራታት ናይ ምእባይ መሰል ይሳተፉ: ከምኡውን ብፍላይ ኣብ ቦታ ስራሖም ብናይ ጥዕናን ድሕነትን ዘሻቕሉ ነገራት ይዘራረቡ።

ኣባላት ኮሚቴታት: ናይ ጥዕናን ድሕነትን ዕዮታት ምእንቲ ከካይዱ ካብ ስሩዕ ስራሖም ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክወሃቦምን ናይቲ ካብ ስሩዕ ስራሖም ዘዕረፍዎ'ውን ክኽፈሉ ይግበኦም።

እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ጥዕናን ድሕነትን ዝምልከት ንዝለዓሉ ጉዳያት ነቲ ናይ ሰራሕተኛታት ወኪል ክነግርዎ ኣገዳሲ እዩ።

### ስልጠና ናይ ኮሚቴ

ኣስራሕቲ ንኣባላት ኮሚቴ ንናይ ጥዕናን ድሕነትን ዕዮኦም ንክካይድሉ ዘድልዮም ስልጠና ከም ዝወሰዱ ከረጋግጹ ይግብኦም።

OHC MFL Occupational Health Centre
Published by the MFL Occupational Health Centre • 102-275 Broadway • Winnipeg, MB • R3C 4M6 • 204-949-0811
UNION LABEL UFCW CANADA LOCAL 832

ኣስራሒቲ ንኣባላት ኮሚቴ ጥዕናን ድሕነትን ከፍሊትን ጥቕምታትን ከይተነፍጉ ኣብ ዓመት ን16 ሰዓታት ናይ ጥዕናን ድሕነትን ስልጠና ክወስዱ ክፈቕዱሎም ኣለዎም።

## ናይ ቦታ ስራሕ ወኪል ጥዕናን ድሕነትን

ካብ 5 ክሰብ 19 ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ዘለውዎም ቦታታት ስራሕ: ብማሕበር ሰራሕተኛታት ዝተመዘዘ ወይ ብሰራሕተኛታት ዝተመርጸ ናይ ቦታ ስራሕ ወኪል ድሕነትን ጥዕናን ክህልዎም ይግባእ።
ስም ናይቲ ወኪል ኣብቲ ቦታ ስራሕ ኣብ ግልጺ ጐሊሑ ከም ዝርአ ኰይኑ ክጥቃዕ ኣለዎ።
እቲ ናይ ቦታ ስራሕ ወኪል ድሕነትን ጥዕናን ልክዕ ከምቲ ናይ ኮሚቴ ጥዕናን ድሕነትን ዕዮታት ክገብር ሓላፍነት ኣለዎ።

## መሰል ንምእባይ

ሰራሕተኛታት: እቲ ዕዮ ወይ ኩነታት ስራሕ: ንገዛእ ርእሶምን ወይ ንኻልእ ሰብ ሓደገኛ ከምዝኸውን ብብቑዕ ምኽንያት እንተኣሚኖምሉ ነቲ ዕዮ ንምስራሑ ክኣብዩ መሰል ኣለዎም።
ንምእባይ ድሕነት ዘይብሉ ስራሕ ኣርባዕተ ደረጃታት ኣለዉ። ሰራሕተኛ ነቲ ግቡእ መገዲ እንተተኸቲሉ ነቲ ድሕነት ዘይብሉ ስራሕ ብምእባዩ ክጽልጸል: ንዝተወሰነ እዋን ካብ ስራሕ ክስጉግ ወይ ክቕጻዕ ኣይክኣልን እዩ።

ደረጃ 1 ነቲ ጸገምን ንምስራሕ ምእባይን ነቲ ተቈጻጻሪ ምፍላጥ።

ደረጃ 2 እቲ ኣስራሒ ነቲ ሓደገኛ ኩነታት ብቕልጡፍ እንተ ዘይኣረሙዎ: እቲ ኣስራሒን እቲ ኣብ ኮሚቴ ናይ ሓባር ኣቦመንበርነት ዘለዎ ሰራሕተኛን ምስቲ ስራሕ ዝኣበየ ሰራሕተኛን ኰይኖም ነቲ ኩነታት ብቕልጡፍ ክምርምርዎ ኣለዎም።

ዋላኳ እቲ ኣስራሒ ዝኾነ ሓዴጋ ከም ዘሎ እንተ ዘይኣመነ ወይ እቲ ጸገም ነቲ ሰራሕተኛ ብዘዕግብ እንተ ዘይተኣረመ: እቲ ሰራሕተኛ ንምስራሕ ምእባይ ክቕጽሎ መሰል ኣለዎ።

እቲ ኣስራሒ ነቲ ሰራሕተኛ ካልእ ስራሕ ንኽሰርሕ ክሓቶ መሰል ኣለዎ።

ነቲ ዝተኣበየ ስራሕ ምኽንያት መእበዪኡ: መሰል ንምእባይ: ስለምንታይ እቲ ስራሕ ከም ሓዳገኛ ከምዘይቑዘር: ብጽሑፍ ጌሩ እንተዘየፍሊጥዎ እቲ ኣስራሒ ንካልእ ሰራሕተኛ ነቲ ዕዮ ንክሰርሖ ክሓትት ኣይክኣልን።

ደረጃ 3 እቲ ሓደገኛ ኩነታት ድሕሪ'ቲ መርመራ እንተዘይተኣረመ፣ እቲ ሰራሕተኛ: ኣስራሒ: ወይ እቲ ኣብ ኮሚቴ ናይ ሓባር ኣቦመንበርነት ዘለዎ ሰራሕተኛ: ነቲ ኣብ ጨንፈር ድሕነትን ጥዕናን ኣብያተ ስራሕ ዘሎ በዓል መዚ ድሕነትን ጥዕናን: ብዛዕባ ንምስራሕ ምእባይን ምኽንያት ምእበዪኡን ዝምልከት ክድውል ኣለዎ።

ደረጃ 4 እቲ በዓል መዚ ድሕነትን ጥዕናን ነቲ ኩነታት ክምርምሮ እዩ።

እቲ በዓል መዚ ናይ ድሕነትን ጥዕናን እቲ ስራሕ ሓደገኛ ከምዘይኰነ እንተሕእሲቡ፣ ነቲ ጸገም ንኽእርሞ ነቲ ኣስራሒ ዘመልክቶ ጸብጻብ ክጽሕፍ እዩ።

እቲ በዓል መዚ ናይ ድሕነትን ጥዕናን እቲ ስራሕ ሓደገኛ ከምዘይኰነ እንተ ወሲኑ ግና እቲ ሰራሕተኛ ናብ ስራሑ ክምለስ ኣለዎ።

## መሰል ንምክልኻል

ሰራሕተኛታት ዝኾኑ ካልኦት መሰላት ጥዕናን ድሕነትን ክጥቀሙ ከለዉ ሓለዋ ክግበረሎም መሰል ኣለዎም። ሰራሕተኛታት መሰላቶም ብምጥቃሞም ብዝኾነ ዓይነት መገዲ መቕጻዕቲ ክግበረሎም ኣይክኣልን። እዚ ድማ : ድሕነት ዘይብሉ ስራሕ ምእባይ: ብዛዕባ ጥዕናን ድሕነትን ዘተሓሳስብ ምዝራብ: ከምኡውን ኣብ ናይ ጥዕናን ድሕነትን ኮሚቴ ንምስታፍ ክፍሊት ዘለዎ ዕረፍቲ ካብ ስራሕ ምውሳድ የጠቓልል።
ሓደ ሰራሕተኛ : ካብቶም መሰላተይ ሓደ ስለዝተጠቐምኩ ተቐጺዐ ኢሉ ምስ ዝኣምን : እቲ ሰራሕተኛ ናብ ናይ ቦታ ስራሕ ጨንፈር ጥዕናን ድሕነትን ኣቤቱታ ክቕርብ ይኽእል። ብዓል መዚ ጥዕናን ድሕነትን ቦታ ስራሕ ነቲ ኣቤቱታ ክምርምር እዩ። እንተድኣ እቲ በዓል መዚ: እቲ ሰራሕተኛ ሓደ ካብቶም መሰላቱ ስለዝተጠቐመ እዩ ተቐጺዑ ኢሉ ወሲኑ: እቲ ኣስራሒ ነዚ ክገብር ክእዘዝ ይኽእል:-

- ተግባር ኣድልዎ ንክቋርጾ
- ሰራሕተኛ ናብ ናይ ቀደም ስራሑ/ሓ ንክምለስ/ንክትምለስ
- ዘይተኸፍለ ደሞዝን ጥቕምታትን ንክኸፍል
- ዝኾነ መጠንቀቕታ ወይ ነቲ ጉዳይ ዝምልከት ካልእ ሓበሬታ ካብ መዝገብ ጸብጻብ ናይቲ ሰራሕተኛ ንኽልግስ
- ካብ $ 1,000 –$ 3,000 መቕጻዕቲ ንክኸፍል

## ይግባይ

እቲ ሰራሕተኛ ወይ ኣስራሒ ንውሳኔ በዓል መዚ ድሕነትን ጥዕናን ምስ ተቐበሉ: ነቲ ውሳኔ ይግባይ ንኽብል 14 መዓልትታት ኣለዎ።

### ንተወሳኺ ሓበሬታ

(ጨንፈር ናይ ቦታ ስራሕ ድሕነትን ጥዕናን)
Workplace Safety and Health Branch
Call 204-957-SAFE (7233) or 1-855-957-SAFE

Regional Offices/ ዞባዊ ቤት ጽሕፈታት

| | |
|---|---|
| Winnipeg | Brandon |
| 200-401 York Ave | 340 9th St. |
| Winnipeg, MB | Brandon, MB |
| R3C 0P8 | R7A 6C2 |
| | |
| Flin Flon | Thompson |
| 202-143 Main Street | 59 Elizabeth Drive |
| Flin Flon, MB | Thompson, MB |
| R8A 1K2 | R8N 1X4 |

Employment & Social Development Canada-Labour Program
2nd Floor, 391 York Avenue
Winnipeg, Manitoba R3C 0P8
Ph: 204-983-6375